Folkhälsomyndigheten

## ንዓኻ ጸረ ናይዞም ዚስዕቡ ክታበታት ክትወስድ ዘሎካ

# ዲፒቲ/ሕማም-ጉሮሮ፡ ኣንቅጺ/ቴታኑስ፡ ሰዓል-ትኽትኽታ

ዲፒቲ/ሕማም-ጉሮሮ፡ ኣንቅጺ/ቴታኑስ፡ ሰዓል-ትኽትኽታ ሰለስተ ኣዝዮም ከበድቲ ሕማማት'ዮም፤ ክታበት ምውሳድ ግን ክከላኸለልካ ይኽእል'ዩ። ብዘይ ክታበት፡ እዞም ሕማማት'ዚኦም ንብዙሓት ሰባት ኪጐድኡ ይኽእሉ እዮም።

**ዲፒቲ/**ሕማም-ጉሮሮ ሓደ ናይ ጉሮሮ ረኽሲ'ዩ። እዚ ሕማም'ዚ ከበድቲ፡ ከም ናይ ልቢ፡ ኰላሊ ትን ስርዓተ-ነርቭን ጉድኣታት ከስዕብ ዚኽእል'ዩ። ምናልባት ውን ከም ሳዕቤን ናቱ ናብ ደረጃ ሞት ውን ከብጽሓካ ዚኽእል'ዩ። እዚ ሕማም ዚተሓላለፍ ብምራቕ ናይ ኣፍ ኣቢሉ ዝተሓላለፍ፥ ንኣብነት መስተዩ ምስ ትለቃቓሕ ወይ ኣጸቢቕካ ኣካላዊ ምቅርራብ ምስ ትገብር'ዩ።

**ኣንቅጺ/**ቴታኑስ ብባክተሪያታት ዚመጽእ ሕምማ ኰይኑ፥ ናብ ኣካላትካ፡ ንኣብነት ብረሳሕ ቑስሊ ወይ ብናይ ሓደ እንስሳ ምንካስ ኣቢሎም ኪኣትዉ ዚኽእሉ እዮም። ኣንቅጺ/ቴታኑስ ናይ ጅማውቲ ምንቃጽ ዘስዕብ ሓደገኛ ሕማም'ዩ። እዚ ሕማም፡ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ኣይለግብን'ዩ።

**ሰዓል-**ትኽትኽታ ንነዊሕ ጊዜ ዚጸንሕ ናይ ምስዓል መጥቃዕቲ ዚገብር'ዩ። እዚ ሕማም'ዚ ብዝተፈልየ ንዕሸላት ቆልዑ ሓደገኛ ኰይኑ፥ ሰዓል-ትኽትኽታ ክሳብ ናብ ሞት ውን ከብጽሖም ዚኽእል'ዩ። እዚ ሕማም'ዚ ናብ ካልኦት ሰባት ኪለግብ ዚኽእል፥ እቲ ዝሓመመ ሰብ ኪስዕል ወይ እንጥሾ ኪብል ከሎ ናብ ኣየር ብዚወጽእ ናይ ትንፋስ ሃፋ እዩ።

### ብዙሓት ክታበታት የድል'ዩ እዮም

ኣብ 8ይ ወይ 9ይ ክፍሊ፡ ኵሎም ተመሃሮ ንናይ ኣንቅጺ/ቴታኑስ፡ ዲፒቲ ሕማም-ጉሮሮን ሰዓል-ትኽትኽታን ሓምሻይ ናይ ክታበት ዕድል ይወሃቦም'ዩ። ዓበይቲ ሰባት፡ መታን እኹል ምክልኻል ኪረኽቡ፥ ኣብ ዕዕስራ (20) ዓመት ጸጸኒሖም ነቲ ክታበት ደጋጊሞም ኪወስድዎ የድሊ።

ኵሎም 'ቶም "ብማእከል ክንክን-ሕጻናትን" ብቤትምህርቲን ዚወሃቡኻ ክታበታት፥ ብድሌትካ ትወስዶምን ገንዘብ ዘይክፈሎምን እዮም።

---

### ብዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ኵሉ ግዜ ምስ ናትካ ማእከል ክንክን ጥዕና ቈልዑ (BVC) ወይ ምስ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ዝርከብ ክንክን ጥዕና ተመሃራይ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

### ክታበት ብኸምዚ ዚስዕብ ይትግበር


**ቅድሚ እቲ ክታበት**
ቅድሚ ክታበት ምውሳድካ ሕቶታት ምስ ዚህልወካ፥ ምስ ሓደ ዓቢ ሰብ ካብ ስድራቤትካ ወይ ምስ ነርስ ናይ ቤትትምህርቲ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። እንተ ደሊኻ ውን ናብቲ ትገብሮ ምብጻሕ ሓደ ዓቢ ሰብ ተማ ሊእካ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

**እቲ ክታበት**
እታ ክታበት ትህበካ፡ እታ ነርስ ናይ ቤትትምህርቲ እያ። እቲ ክታበት ኣብ ምናት ኢድካ ኢኻ ትውግኦ።

**ድሕሪ እቲ ክታበት**
መብዛሕትኦም ሰባት ብድሕሪ'ቲ ክታበት ዚስምዖም ነገር የልቦን ወይ ውን ኣብቲ ዝተወግኡሉ ቦታ ጥራይ 'ዩ ዘቖንዝዎም። ንገለ ሰባት ረስኒን ቃንዛ ጭዋዳታትን ይግበረሎም'ዩ። እዚ ሓደገኛ ኣይኰነን፡ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ውን ዚሓድገካ'ዩ። ብድሕሪ'ቲ ክታበት ምውሳድካ ብዛዕባ ገለ ነገር እንተ ተሻቒልካ፥ ባዕልኻ ወይ ወለድኻ ምስታ ናትካ ነርስ ናይ ቤትትምህርቲ ወይ ትካል ክንክን-ሕማም ርክብ ክትገብር ይክኣል'ዩ።

## ናይ ሽወደን መደብ-ክታበታት

ኣብዚ፡ ኣብ ሽወደን ነቶም ከብድቲ ሕማምት ንምክልኻል ተባሂሎም ንኹሎም ቆልዑ ዚወሃቡ ክታበታት ትርእዮም ኣሎኻ።




FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, 2023. ARTIKELNUMMER 23179-5. FORM, SÖDRA TORNET